# ከተማ ሾርላይን ፀረ መፍለይቲ ፖሊሲ

ከተማ ሾርላይን ውልቀሰባት በ ማዕርነት ንኽረአዩን ናብራኦም ሰብአዊ ክብሮም ተሓልዩ ብ ኣኽብሮት ንኽነብሩን ካብ ኩነታት ስደተኛነቶም፣ እምነቶም፣ ዘርኢ፣ብሔራዊ መበቆል፣ፆታዊ ድልየት፣ ፆታ ወይከዓ ፆታዊ መንነት፣ዕድመ፣ኽእለት፣ብሔር፣ኩነታት መንበሪ ገዛ፣ቑጠባዊ ኩነታት፣ ወይከዓ ካልኦት ማሕበራዊ ኩነታት ጠሚቱ ካብ ዝመፅእ መፍለይቲ ነፃ ኮይኖም ናይ ምንባር መሰሎም ኣፍልጦ ይህብን ይሕሉን። ኣብ 2017፣ከተማ ሾርላይን በርእሰ ወነነት ኣዋጅ 401 በምትእትታው፣ከተማ ሾርላይን ንኹሉ ዓዳሚት፣ማዕርነታዊን ድሕንነቱ ዝተሓለወ ሕብረተሰብ ንኽከውን ኣዊጁ ኣሎ። እቲ ናይ ከተማ ካውንስል ነዚ ኣዋጅ እንከሕልፍ ከሎ፣ ናይቲ ከተማ ልምድታትን ፖሊስታትን፣ እቶም እቲ ሕብረተሰብ ዝድግፎም እሴታት ደጊምካ ከምቕማጥ እዩ።

እቲ ከተማ፣ሾርላይን ንኹሎም ዝነብሩ፣ ዝሰርሑ ወይከዓ በፃሕቲ ተቐባሊት፣ሓቛፊትን ድሕንነቱ ዝተሓለወ ሕብረተሰብ ምኻኑ ንምርግጋፅ ቑርፀኛ እዩ። እቲ ኸተማ፣ እንህቦም ግልጋሎታትን መደባትን ንኹሎም ውልቀሰባት ተበፃሕቲን ክፉታትን ምኾኖም ንምርግጋፅ ምስ ሕብረተሰባውያን ብፆቱ ኮይኑ ብተሓባበሪነት ምስራሑ ክቕፅል እዩ።

## ኣርእስቲ II ደንቢ ጉዱኣት ኣካል ኣሜሪካውያን(ADA) 1990

ከተማ ሾርላይን፣ጠለብ ደንቢ ጉዱኣት ኣካል ኣሜሪካውያን(ADA) 1990 ንምምላእ፣ናይ ቅሬታ ቅደም ሰዓብ ኣተኣታትዩ ኣሎ። ናይቲ ከተማ ናይ ቅሬታ ቅደም ሰዓብ፣ ጉድኣት ኣካል መሰረት ዝገበረ፣ ኣብ ኣዋህባ ኣገልግሎት፣ተግባራት፣መደባት፣ቀረባት፣ወይከዓ በ ከተማ ሾርለይን ዝርከቡ ጥቕሚታት ንዝበፅሕ መፍለይቲ ኣመልኪቱ ቅሬታ ንምቕራብ ብዝኾነ ሰብ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ይኽእል እዩ።

ዝኾነ ውልቀሰብ፣ ጉድኣት ኣካሉ መሰረት ዝገበረ፣ ዘየሕጋዊ መፍለይቲ ተቓሊዐ እየ ኢሉ ኣብዝኣምን፣ ነዚ ብፅሑፍ ውይከዓ ናይ ADA ፎርም ብምምላእ ቅሬታኡ ከቕርብ ይኽእል እዩ። እዚ፣ ብቕልጡፍ ክቐረብ ይግባእ፣ ግን እቲ ጥሕሰት ከብዝፍፀመሉ፣ 60 ናይ ካላንደር መዓልቲታት ከይነውሐ ክኸውን ኣለዎ። ናት ADA ቕሬታ ፎርም ወይከዓ ናይ ፅሑፍ ቕሬታ ፣ ናብ ናይ ከተማ ADA መተሓባበበሪ ክቐርብ ይግበእ።:

City of Shoreline
ADA Coordinator – Code Enforcement and Customer Response Team Supervisor
17500 Midvale Avenue N
Shoreline, WA 98133

ብዛዕባ ናይ ከተማ ADA ቕሬታ ቅደም ሰዓብ ቀፃሊ ሓበሬታ ንምርካብ ናይ ADA መተሓባበሪ ተወከሱ:

መተሓበበሪ ADA
(206) 801-2700
TTY 206-546-0457

## ኣርእስቲ VI ሲቪላዊ መሰላት ደንቢ 1964

ከተማ ሾረላይን፣ ኣብዚ ህዝባዊ ምልክታ፣ምስ ሲቪላዊ መሰላት ደንቢ 1964 ኣርእስቲ VI ንኽሰማማዕ ፣ ቀፂሉ ምስቲ ዝተመሓየሸ ስቪላዊ መሰላት ደንቢ 1987፣ ፍሉይ ትእዛዝ 12898፣ ዝተትሓሓዙ ሕግታተትን ኣብኩሎም መደባትን ተግባራትን ዘለዉ መምርሕታትን ንኽሰማማዕ ናይቲ ከተማ ፖሊሲ እዩ። ብመሰረት ጠለብ ኣርእስቲ VI ዝኾነ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዘሎ ሰብ፣ ብመሰረት ዘርኢ፣ ቀለም ወይከዓ ብሄራዊ መበቆል፣ ካብ ተሳትፎ፣ ክልከላ ጥቕሚታት፣ ወይከዓ ካብዝኾኑ ኣብቲ ከተማ ብፌደራል ገንዘባዊ ሓገዝ ዝግበረሎም ዝካየዱ ንጥፈታት ወይከዓ መደባት ዘይምፍላይ መሰል ኣለዎ።

ዝኾነ ብመሰረት ኣርእስቲ VI፣ ዘይሕጋዊ ብዝኾነ ምፍላይ ቕሬታ ዝሓደሮ፣ መደበኛ ቕሬታ ናብ ከተማ ሾርላይን ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ። ዝኾነ መሰል ቕሬታ ፣ብፅሑፍ ኮይኑ፣ ኣብ ቢሮ ፅሕፈት ቤት ከተማ እቲ ጥሕሰት ካብዘጋጥመሉ፣ ኣብ ውሽጢ 180 ናይ ካላነደር መዓልቲታት ክቐርብ ይግባእ።

ብዛዕባ ናይቲ ከተማ ኣርእሰቲ VI ቐሬታ ቕደም ሰዓብ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ፣ በይዘኦም ናይ ከተማ ሾርላይን ኣርእስቲ VI መተሓባበሪ ይወከሱ:

City of Shoreline
Title VI Coordinator – Assistant City Manager
17500 Midvale Avenue N
Shoreline, WA 98133
(206) 801-2212

## ቀረባት ከተማ

ናይ ሕጊ ዋሺንግተን ፀረ መፍለይቲ(WLAD) ኣብ ከም ናይ ከተማ ህንፃታት ዝኣምሰሉ ህዝባዊ ቦታት፣ በምኽንያት "ዖታዊ መግለፂታት ወይከዓ መንነት" ዝመፅእ መፍለይቲ ግልፂ ኾኒኑ ኣቐሚጡ ኣሎ። ናይ ዋሺንግቶን ግዝኣት ሰብኣዊ መሰላት ኮሚሽን(HRC) — ትግበራ WLAD ዝምልከቶ ግዝኣት ኤጀንሲ — ኣብ 2015 WLAD መሰላት ዖታኦም ዝቐየሩ ውልቀሰባት ንምጥቃም ሽንትቤታትን ካልኦት ምስ ዖታዊ ኩነታቶም ዝተሃሓዙ ቀረባት ንምጥቃም ዘለዎም መሰል ከምዝሕሉ በግልፂ የቐምጥ። ዝምልከቶም ሰባት ብዛዕባ እዚ ንምሕባር ፣ኣብ ሽንትቤታትን ምዱባት ቀረባትን ምግለፂታት ኣቐሚጡ ኣሎ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ዋሺንግቶን ግዝኣት ሰብኣዊ መሰላት መረበብ ሓበሬታ www.hum.wa.gov. ክርከብ ይከኣል።